# ሪፖርታጅ ፌስቲቫል ኤርትራ 2008 (ጀርመን)

ፌስቲቫል ኤርትራ 2008 ኣብ ጀርመን: ብዕለት 11.07.2008 ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብወግዒ ተኸፊቱ:: እዚ ኣብ ትሕቲ „መኸተና - ዋሕስ ናጽነትናን ዕብየትናን“ ዝብል ጭርሖ ክሳብ ዕለት 13.07.2008 ዝካየድ ፌስቲቫል ብልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ: ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ዶክተር ገርጊስ ተኽለሚካኤል ብክብ ዝበለ ድምቀት ተኸፊቱ:: ሚኒስተር ገርጊስ ብ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን: ሓላፊ ኮማውን ህዝባውን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርኣን ተሰንዩ ንፌስቲቫል ጀርመን 2008 ብወግዒ ድሕሪ ምኽፋቱ: ንኽብሪ እዚ ፌስቲቫል ኣብ ዝተዳለወ ጽምብል ተሳቲፉ::እዚ መኽፈቲ ጽምብል ብተማህሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም ፍራንክፈርት ብዝተዳለወ ኤርትራዊ ሳዕስዒታትን ወኒ ዘበራብረ ግጥምን ማዕሪጉ ኣምስዩ:: ብጀካ እዚ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብዝርከቡ ሃገራውያን ስነ-ጥበበኛታት ዝተዳለወት „ጥዋፍ መቕደስ“ ዘርእስታ ተዋስኦ ንምርኢት ቀሪባ:: እዛ ተዋስኦ ስደትን ሳዕቤኑን: ኣብ መንእሰያት ዝገድፎ ስንብራትን ትገልጽ ኮይና: ዕብየትን ምዕባለን ኤርትራ ንምምርግጋጽ መንእሰያት ንስደት ወጊድ ኢሎም: ጊዝያዊ ጸገማት ተጻዊሮም: ንመጻኢ ኣማዕዲኻ ብምጥማት ኣብ ገስጋስ ሃገር እጃሞም ከዕዝዙ ተዘኻኽር ምርኢት ኢያ:: ድሕሪ እዚ መኽፈቲ ጽንብል: ካብ ኤርትራ ዝመጽኣት: ህቡባት ደረፍትን ሙዚቀኛታትን ዝሓቖፈት ጉጅለ ባህሊ ሳሊና ክሳብ ሰዓት 03:00 ወጋሕታ ዝተፈላለዩ ጣዕመ ዜማ ዘለዎም ደርፍታት ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ክተዘናግዕ ሓዲራ::

ቀዳም ዕለት 12.07.2008 መደብ ፌስቲቫል ብስፖርታዊ ውድድራት ኢዩ ፈሊሙ:: ኣቲ ስፖርታዊ ውድድራት ክሳብ ድሕሪ ቀትሪ ዘሎ ሰዓታት ከኣ ቀጺሉ ውዒሉ:: ኣብ'ቲ ዝተገብረ ውድድር ኩዕሶ-እግሪ ጋንታታት ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህጻናትን መንእሰያትን ዝሓቖፉ ተሳቲፈንኦ። ተዓወቲ ዝተዳለወለን ዋንጫ ፌስቲቫል 2008 ተሰሊመን:: ማዕረ-ማዕረ እዚ ቀዳም ካብ ሰዓት 12:00 ጀሚሩ ንኣጋይሽ ፌስቲቫል ኤርትራ ዝተዳለወ ፍሉይ መደብ ተኻይዱ:: ኣምባሳደር ጴጥሮስ ንኣጋይሽ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ኣስሚዑ:: ኣብ'ዚ ኣምባሳደራት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት: ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ዝመደበሮም ቆንስላትን ናይ ክብሪ ቆንስላትን: ፈተውትን ኣዕሩኽን ህዝቢ ኤርትራ ተሳቲፎሞ:: ሚኒስተር ገርጊስ ተኽለሚካኤል ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ ዞባናን ንኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ሃዋሁን ኣመልኪቱ ኣብ'ዚ ንኣጋይሽ ዝተዳለወ መደብ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ:: ድሕሪ እንግዶት ምሳሕን: ፍሉይ ወግዒ ቡንን ኣጋይሽ ብጉጅለ ባህልን ዓበይትን መንእሰያትን ሽቱትጋርት ዝቐረበ: ባህላዊ ምርኢት ተዓዚቦም:: እቲ ዝቐረበ ምርኢት ብእንብልታ ዝተሰነየ ሙዚቃን: ብኣልባሳት ብሄራት ኤርትራ ዘጌጸ ሳዕስዒትን ስለዝነበረ ንኣጋይሽ ኤርትራዊ ባህሊ ንኸዕዘቡን ከስተማቕሩን ዘኽኣለ ተፈታዊ ምርኢት ኢዩ ነይሩ::

ሰዓት 17:00 ኩሉ ተሳታፋይ ፌስቲቫል ዓመት-ዓመት ብሃንቀውታ ዝጽበዮ መግለጺ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ ስዒቡ:: ሚኒስተር ገርጊስ ንውሽጣዊ መስርሕ ህንጸት ሃገርን: ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ኣመዝጊባቶ ዘላ ጋስጋስን: ህዝብን መንግስትን ዕብየትን ምዕባለን ሃገር ንምርግጋጽ ዝወስድዎን ዝወስድዎ ዘለዉ ስጉምትን ብስፊሕ ኣብሪሁ:: ንኩነታት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ኣመልኪቱ ንመረዳእታ ተሳተፍቲ ክብ ዘበለ ኣገዳሲ መግለጺ ሂቡ:: ንዝቐረበሉ ሕቶታት ብቑዕ መልሲ ብምሃብ: ብተስተፍቲ ንዝተዋሃበ ርእይቶታት ሰሚዑ::

ድሕሪ እዚ ኣገዳሲ ሰሚናር ዝሰዓበ መደብ ምምራቕ ዕውታት ተመሃሮ ኢዩ:: ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2007/2008 ኣብ ዩኒቨርስቲ ትምህርቶም ዝወድኡ: ኣብ ዝተፈላለየ ማእከላት ትምህርቲ ሞያዊ ትምህርቶም ዝዛዘሙ: ከምኡ እውን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም

ብዓወት ዝዛዘሙ ብድምር 56 ተመሃሮ ዝተዳለወሎም ምስክር-ወረቐት ካብ ኢድ ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ዶክተር ገርጊስን ኣምባሳደር ጴጥሮስን ተቐቢሎም:: ድሕሪ እዚ ካብ ሰዓት 20:30 ጀሚሩ መንእሰያት ንበይኖም ኩነታቶም ንምዝታይ ዘዳለዉዎ መደብ „ዘተ መንእሰያት“ ኣካይዶም:: ኣብ ናይ ቀዳም ምሸት መደብ ዝተፈላለዩ ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ስነ-ጥበባውያን ዝተሰታፍዎን ብጉጅለ ባህሊ ሳሊና ዝደመቐን ባህላዊ መደብ ክሳብ ሰዓት 05:00 ወጋሕታ ቀጺሉ ሓዲሩ:: ጎድኒ-ጎድኒ እዚ መንእሰያት ብፍሉይ ኣብ ዘዳለውዎ „ጓይላ መንእሰያት“ ክዘናግዑ ሓዲሮም::

ሰንበት ዕለት 13.07.2008 ልክዕ ሰዓት 13:00 ብፕሮፌሰር ጊዲዎን ኣባይ ንጅግንነት: ዘይተጸዓድነት: ተወፋይነት: ህዝቢ ኤርትራ ዘነጸረ „መኸተ ወለዶታት“ ዝብል ኣስተምህሮ ቀሪቡ:: እዚ ኣስተምህሮ ኣብ ተሳተፍቲ ፍሉይ ጦብላሕታ ዘሕደረን መኸትኡ ንከሕይል ተወሳኺ ድፍኢት ዝሃበን ኣስተምህሮ ኢዩ ነይሩ::

ፌስቲቫል ኤርትራ ብማሕበረኮማት ዝተዋደደ መዘናግዒ ቦታታት: ብኣዴታት ግርማ ዝለበሰ ጽምእኻን ጥሜትካን ተርውየሉን ተዓንግለሉን ዳሳት: ህጻውንቲ ብጉጅለ ዋርሳይ ፍራንክፈርት እንዳተኣለዩ ኣብ „ቁሸት ህጻናት“ ዝዕንድርሉ: ስነ-ጽሑፍን ስእላዊ ምርኢትን ዝተንጸባረቐሉ: ዕዉት ሃገራዊ ውራይ ኢዩ ነይሩ:: ሰንበት ድሕሪ ቐትሪ ጉጅለ ባህሊ ሳሊና ንተሳተፍቲ ኣይለቐቕን ኢየ ብምባል: ንተላህየቲ መመሊሱ ባህላዊ ናፍቆቶም ዘዕረገ መሳጢ ናይ መዘናግዒ መደብ ኣቕሪባ:: ፌስቲቫል ሸማግለ ንተሳተፍቲ ስለ እቲ ጭዋ ተሳትፎኦም ምስግናኣ ምስ ኣቕረበት ልክዕ ሰዓት 21:00 ምሸት ዕዉት ፌስቲቫል ኤርትራ 2008 ኣብ ጀርመን ብወግዒ ተዛዚሙ::

ዓወት ንሓፋሽ!!
ሓበሬታን ስነዳን
ኣወሃሃዲት ሸማግለ ፌስቲቫል ጀርመን
ፍራንክፈርት 13.07.2008